# ውሽጣዊ ጉዳይካ ከይወገንካ ናብ ዘባዊ

ርእሰ-ዓንቀጽ ሰዲህኤ

**“ኣብ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሰላምን ቅሳነትን ሓባራዊ ምጣኔ ሃብታዊ ዕብየትን ብምድግጋፍ ክረጋገጽ ምቅላስ፤”** (9፡ 1፡ 2 ካብቲ ኣብ 2ይ ጉባኣኡ ዝጸደቐ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ሰዲህኤ ዝተወስደ)

ሚረ ህዝቢ ኤርትራ ክለዓል እንከሎ ንዘይምስማዕ ንሓንሳብ ባጽዕ ንሓንሳብ ከኣ ዓዲ ሃሎ ምሕካል ክሚርጽ ዝጸንሐ ኣቶ ኢሳይያስ ኣብዚ እዋንዚ እቲ ናይ ቀደም ህርፋኑ ግዲ ደጊስዎ ናይ ዞባ ቅርኒ ኣፍሪቃ ኣባኳይላ ሚኪሉ ክቐርብ ጸፋዕፋዕ ይብል ኣሎ። ምስ ኢትዮጵያ ዝረአ ዘሎ ኣጀማምራኡን መዓልብኡን ዘይፍለጥ ዝምድና፡ ምምጻእ ሚራሕቲ ደቡብ ሱዳንን ሶማልያን ናብ ኤርትራ ከኣ ናይዚ ሚርእያ ተገይሮም ይውሰዱ ኣለዉ። ምናልባት ከሎ ጋና ብዛዕባ ስፍሓቱ፡ ኣተሓሕዝኡን መጻኢ ዕድሉን “ከምዚ ክኸውን እዩ” ኢልና ምዝራብ’ኳ እንተዘይከኣልና እዞም ዝጠቐስናዮም ሚራሕቲ ኣብ ሃሃገሮም ዘካይድዎ ናብ ጠለብ ህዝቦም ዝቐረበ ጽገናታትን ምምሕያሻትን ከምዝሎ ተዓዚብና ኣለና። ንኣብነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራን ካልእ ከባብታትን ዝጸንሑ ተቓወምቱ “ተወዳደርቲ” ዝብል ስም ሂቡ ናብ ዓዲ ይሚልሶም ኣሎ። ኣብ ደቡብ ሱዳን ድሕሪ ነዊሕ ኮለልን ጻዕርን ኣብ ሕድሕዶም ክቃተሉ ዝጸንሑ ኣካላት ተስፋ ዝተነብረሉ ናይ ሰላም ስምምዕ ተፈራሪሞም ኣለዉ። ኣብ ሶማልያ ናብ ርግኣት ንምምጻእ ጻዕሪ ይካየድ ኣሎ። እዞም ኩሎም ትማሊ ኣቶ ኢሳይያስ ንገዛእ ርእሱ ከይርኢ ዓዊሩ ክነሱ ዝጥቅወሎም ዝነበሩ በብናይ ሃገሮም ቀጥዒ ብኣፍልጦ ህዝቦም ናብ ሓላፍነት ዝመጹ ሚራሕቲ እዮም።

እዚ ናይዘን ሃገራት ሓቢርካ ምውሳእ ዘባዊ ጽልዋኡ ርዱእ ኮይኑ፡ ውሽጣዊ ጉዳያተንን ዕለታዊ ህይወት ህዝበን ምቕናይን ከኣ ዝያዳ ዝምልከተን ሓላፍነት እዩ። መንግስታት ኣብ ውሽጣውን ከባብያውን ምናልባት እውን ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኻት ክዋስኡ ንቡር እዩ። እቲ ቀንዲ ዝምዝንሉ ማሰረት ናይ ዘባዊ ኣበርክተኦም ዝኸውንን ግና ኣብ ሃገሮም ምስ ህዝቦም ዘለዎም ርክብን ዝምድናን እዩ። መንግስታት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ከመይ ይዋስኡ፡ ብኸመይ ናብ ስልጣከም ዝመጹ ይውስን እዩ። ብዘይ ናይ ህዝቢ ድሌትን ኣፍልጦን: ሓይልን ጉርሕን ብዝኣማሰሉ ኣገባባት ዝመጹ፡ ንህዝቢ ክድልዮም እንከሎ እምበር፡ ክደልዮም እንከሎ ኣይግደስሉን እዮም። ኣብ ስልጣን ንምቕጻል ኣብቲ ዘምጽኦም ዘይሕጋዊ ኣገባብ እምበር ኣብቲ ዝመርሕዎ ህዝቢ ኣይምርኮሱን። ዲሞክራስያዊ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ህዝቢ፡ ልዕልና ፍትሕን ግሉጽነትን ንዝኣማሰሉ ናይ ቅኑዕ

ምምሕዳር ኣዕኑድ ፈጺሞም ኣይግደሱን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ምስ ዘሎ ብቓላት ኤርትራዊ በዓሉ ግርማ ሚኒስተር ብርሃነ ኣብርሀ “ዘራጊቶ” ህሞት ዝመሳሰል እዩ።

እቶም ህዝቢ ኤርትራ ደልይዎም ዘይኮነ ከይፈተወ ለሚድዎም ምስኣቶም ዝነብር ዘሎ፡ ስግኣት፡ እግርኻ ሚኢእካ ዘይምርጋጽን ኣፍካ ሚኢእካ ዘይምዝራብን፡ ስደት፡ ብኩራት ነጻነት ምዝራብ፡ ግህሰት ምምላኽን ምንቅስቓስን፡ ምስዋር እሱራት ኩሎም ኣብቲ ባይታ ኣለዉ። ሰባት ብተግባር ብዝሰትይዎ ይረውዩ፡ ብዝበልዕዎ ከኣ ይዕንገሉ፡ ካብዚ ሓሊፉ “ኣብ ዓዲ እገለ ከምዚ ይግበር ኣሎ” ዝብል ወረን ፈኸራን ንናይቲ ዝካየደሉ ከባቢ ህዝቢ እምበር፡ ናይቲ ብሜዕዶ ዝሰምዕ ህዝቢ ርውየትን ዕግበትን ከምጽእ ኣይክእልን እዩ። ብመንጽር እዚ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ኩሉ ቅኑዕ ኣካይዳታት ጽምኢ፡ ብሜዕዶ ንውሽጣዊ ኩነታትካ ዳሲኻ ብጉልባብ ዘባዊ ምትሕብባር ብዝግበር ዳንኬራ ከተርውዮ ኣይከኣልን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ እውን “እቲ ዘባዊ ምትሕብባርስ ሕራይ ጉዳይናኸ” ዝብል ድምጹ ወርትግ ክብከብል ይግበኦ።

ከምዚ ናይ ዲክታተር ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝረአ ዘሎ ካብ ውሽጣዊ ጉዳይካ እንዳሃደምካ፡ ኣብ ዘባዊ ዛዕባ ጥራይ ዝግበር ላዕልን ታሕትን ጉድኣቱ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ማሰረታዊ ናይ ለውጢሕቶ ዘይምምላሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ብኸምዚ ንዕዘቦ ዘለና ንጉዳያት ብርእሱ እንዳሓዝካ ዝግበር ዘባዊ ስምምዓት ኣብ ህዝባዊ ማሰረት ዘይተሰረተን ናይ ርሑቕ ዓንገልቲ ትንፋስ ዝቋመትን ስለ ዝኸውን ቀጻልነቱ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ስለዚ እቶምዘባዊ ምርግጋእን ቁጠባዊ ዕቤትን ከነምጽእ ኢና ኢሎም ዝጽዕቱ መንግስታት እውን ቀንዲ ዋኒኖምኺ እንተዘይኮነ “ምስ መን እየ ዘባዊ ዝምድና ዝገብር ዘለኹ” እቲ መዛምድተይ ንጉዳይ ህዝቡ ብኸመይ ይሕዝ ኣሎ፡ ኣእዳዉ ካብ ደም ንጹሃትን ስርቅን ንጹህ ድዩ?” ክብሉ ይግበኦም። ምኽንያቱ ነዚታት እንተዘኣቕሊበምሉ ናይቲ ዝድኩንዎ ዘባዊ ምሕዝነታት ዕድል ዘይውሑስ እዩ ዝኸውን። ንኣብነት ንእቶ ኢሳይያስ ምስ ሜራሒ ጅቡቲ ቅድሚምዕራቖም “ምስ ህዝብኻ ተዓረቕ” እንተዝብልዎ ክንደይ መምሓረሎምን መሜልከዓሎምን። እዚ ከባህል እንከሎ ውሽጣዊ ጉዳዩ ግቡእ ቆላሕታ ንክረክብ ናይቲ ኣብ ጭቆና ተጐዳእን ኣብ ራህዋ ተጠቃምን ዝኸውን ህዝቢ ኤርትራ መተካእታ ዘየብሉ ሓላፍነት ምዃኑ ኣይዝንጋዕን።

ምናልባት ደኣ ሓንሳብ ዓይንኻ ብጨው ተሓጺብካ ጥልመት ምስ ጀሚርካ ይስበለካ እዩ እምበር፡ ኣቶ ኢሳይያስ ምስዘምካብዚ ቀረባ ግዜ ጀሚሩ ምስኣቶም ዝውዕል ዘሎ ሜራሕቲ ሃገራት ክዛረብ እንከሎ፡ ሕገመንግስቲ፡ ልዕልና ፍትሒ፡ ማስርሕ ምርጫ ናይ ኣረኣእያ ብዙሓነት፡ ናይ እምነትን ሓሳብካ ምግላጽን ናጽነት፡

ዝምድና ሓገግቲ፡ ፈጸምትን ፈረድትን ኣካላት መንግስቲ .... ወዘተ ዝብሉ ቃላት ክለዓሉ እንከለዉስ ኣይስከፍንዶ። ብግምትና ምናልባት ደኣ እቶም ከምዚ ዓይነት ዕላል ዘምጽኡ ኣካላት ካብ ፈቓድ ህዝቦም ወጺኦም ናብቲ ናቱ ማኣኺስልቲ ክሙኡ ይሕንክር ይኸውን እምበር፡ ናይ ህዝብኻ ድምጺ ቀሪብካ ብምስማዕን ተሳትፎ ህዝቢ ብምውሓስን ቅንኢ ይሓድሮ ኢልካ እትጽበዮ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብቲ ብንጹር ፖሊሲ ክትሞርሕን ክትምራሕን ዝብል ቅኒት ወጺኡ፡ ኣብቲ ብሓይሊ እንዳዳነኻ ኣብ ስልጣን ምንባር ዝብል ዓሙጽኛን ሓደገኛን ባሕሪ ስለ ዝጠሓለ።

ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ) ኣብዚ ንርከበሉ ዘለና መዋእል ንኣገዳስነት ኩለ-መዳያዊ ዘባውን ዓለማውን ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ግቡእ ቆላሕታ ሂቡ ከምዝቃለሰሉ በቲ ካብ ፖለቲካዊ መደብዕዮኡ ተወሲዱ ኣብ መእተዊ’ዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ንኡስ ዓንቀጽ ምርዳእ ይከኣል። እዚ ክብል እንከሎ ግና ከምዚ ህግደፍ ሚጽዎ ዘሎ ኤርትራዊ ጉዳይ ደፊንካ ዘይኮነ፡ ኣብ ድሌትን ናጻ ተሳትፎን ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰረተ ክኸውንዩ ዝቃለስ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብዚ እዋንዚ ብኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝካየድ ዘሎ ዘባዊ ማስርሕ ማሰረታዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ቀቢርካ ደገ ደገ ንምምዕዳውዝዓለመመዳህለሊ ምኻኑ ስለ ዝርዳእ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክርደኦን ክቃለሶን ከምውትሩ ይጽውዕ።